**እንኳዕ ናብ ቤተመጻሕፍቲ ከተማ ዱዊስቡርግ (**Stadtbibliothek Duisburg )**ብዳሓን መጻኹም!**

**ብዛዕባና** (ብዛዕባ ቤተመጻሕፍቲ ከተማ ዱዊስቡርግ**)**
ቤተመጻሕፍቲ ከተማ ዱዊስቡርግ ንኹሉ ሰብ ናብ ምድያታትት፣ ሓበሬታን ትምህርትን ናጻ መእተዊ ዘቕርብ ሓደ ናይ ከተማ ትካል እዩ።

**ናትና ቤታት መጻሕፍቲ**
ሰንተራል ቢብልዮቴክ/Zentralbibliothek/, Steinsche Gasse 26, 47051 Duisburg;13 ጨንፈራትን 1 ተንቃሳቓሲ ቤተመጻሕፍትን ኣለውዎ። ኣድራሻታት፣ ዝኽፈቱሎም እዋናትን ናይቲ ተንቃሳቓሲ ቤተመጻሕፍቲ ናይ ጉዕዞ እዋናተን ኣብ ናትና Homepage/ኣድራሻ ኢንተርኔት ትረኽቡዎም ኢኹም።

**ናትና ግልጋሎት**
እዞም ዝሰዕቡ እዮም፡
- ንልቓሕ ዝኾኑ ብዘይ ናይ ዕድመ ፍልልይ ንኹሎም ጉጅለታት እነልቀሐኩም (ንገዛኹም ወሲድኩም ተጠቒምኩም እትምልሱዎም).600 000 መድያታት (ከም መጻሕፍቲ፣ መጽሄታት፣ ምልክታት ሙዚቃ፣ መጻወቲታት ሙዚቃ፣ ፊልምታት፣ ኮምፕዩተራዊ መድያታትን ካልኦት ብዙሓት ንገራትን) ነቕርበልኩም።
- ኣብ ዝርከቡሉ ቦታ እናሃለዉ ሰብ ዝጥቀመሎም፡ ናይ ስራሕ ቦታታት ምስ ኢንተርኔት፣ ገመድ ዘይብሉ መርበብ ሓብሬታ/WLAN፣ መንበቢ ቦታታት፣ ጋዜጣታት፣ ንሙዚቃ ልምምድ ዝጠቕሙ ክፍልታት፣ ናይ ኢደ ጥበብ መስርሒ ቦታታት፣ ቪድዮ መጻወቲ ቦታን መቀድሒ/ኮፒ መግበሪን ኣልዉ።
- ንምስታፍ ዝኾኑ‹ ንቆልዑን ዓብይትን ዝዳልዉ ፍጻመታት ንኣብነት ዝተወሰነ ኣንፈት ወይ ተግባር ናይ ምፍጻም ከይዲ ምርኣይ፡ ንሰባት ጽሑፋት ምስማዕ፡ ከምኡ እውን ናይ ጽሑፋት ንባባት ይርከቡ።

ኣብ ቤታት መጻሕፍትና ዝግበር ጻነሒትን ብንብረትና ምጥቃምን ዋጋ ዝኽፈለሎም ኣይኮኑን። ንሓድሓደ ቀርባት (ከም ብኮምፕዩተርና ምጥቃም፣ ኮፒ ምግባር፣ ናይ ሙዚቃ መላማመዲ ክፍልታት ብምዝገባ ንምጥቃምን) መድያታት ንምልቃሕን ወረቐት መንነት ቤተመጻሕፍቲ ይድልየኩም እዩ።

**ወረቐት መንነት ቤተመጻሕፍቲ/ Bibliotheksausweis**
ኣብዚ ቦታ ኣባና ወይ ብኢንተርኔት ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም። ንምዝገባ ዘድልዩና ሰነዳት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡
- ወረቐት መንነት ወይ
- ናይ ጉዕዞ ፓስፖርት/ Reisepass ምስ ናይ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነብርቲ/ Einwohnermeldeamt መረዳእታ ወረቐት ምዝገባ/ Meldebescheinigung ወይ
- (ብፍሉይ ምኽንያት) Freizügigkeitserlaubnis/ዜጋታት ሃገራት ሕብረት ኣውሮፓ ዘለዎም ኣብ ጀርመን ክሻዕ 3 ኣዋርሕ ናይ ምንባር መሰል ወይ መንበሪ ፍቓዶም (እንተዋሓደ ን3 ኣዋርሕ ሕጋዊ ተቐባልነት ዘለዎ እንተኾይኑ)
- 

እቲ ወረቐት መንነት ቤተመጻሕፍቲ ብዘይካ እቲ ምዝጉብ ካሊእ ሰብ ንኪጥቀመሉ ዝዋሃብ ኣይኮነን።

**ዋጋታት እቲ ወረቐት መንነት ቤተመጻሕፍቲ**

- ን12 ኣዋርሕ 20,00 €, ብሓገዝ ንዝነብር ሰብ 10,00 €
- ን 6 ኣዋርሕ 12,00 €
- ን3 ኣዋርሕ 7,00 €
- ን 1 ወርሒ 5,00 €
- ንቆልዑን/መናእሰይን ክሳዕ 18. ዓመት ዝመልኡ 0,00 €
- ንተምሃሮ ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ዱዊስቡርግ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ክሳዕ 25.ዓመት ዝመልኡ 0,00 €
- ንተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ድዩስቡርግ-ኤሰን 0,00 €

ወረቐት መንነት ቤተመጻሕፍቲ እንተጠፊኡኩም ቀልጢፍኩም ንክትነግሩና ነተሓሳስበኩም፤ ናይ መተካእትኡ ዋጋ 4,00 €. እዩ።

**ግዘ ገደብ ልቓሕ**

- ብመሰረቱ 28 ማዓልታት
- 14 ማዓልታት (ንኣብነት ብድምጺ ዝስምዑ መጻሕፍቲ, ሲዲ/CD, ናይ ቪድዮ ጸወታ)
- 14 ማዓልታት (ንኣብነት ፊልምታት)

ኩሎም ዕለታት ኣብ ናይ ገደባት ግዘ መዘከርታ ጽሑፍ ክተኸብሩዎም ብትሕትና ነዛኻኽረኩም። ድልየትኩም እንተኾኑ ብኢሜል ክንዛኻኽረኩም እውን ሕጉሳት ኢና። ክተዛራርቡና ወይ ኣብ መዘከርታ ጽሑፍኩም ምልክት ክትገብሩ ክነታሓሳስበኩም ንፎቱ።

**ተወሰኽቲ ዋጋታት:**

- ግዘ ገደብ ልቓሕ ምሕላፍ፤ 0,45 € ንማዓልቲ/ነገር ከም መጽሓፍ ወዘተ.
- መልአኺ ሓደ መዛኻኽሪ ብፖስታ 1,00 €
- ኮፒ ምግባር ካብ 0,10 € ዝጅምር
- ሓደ ነገር ካብ ካሊእ ቤተመጻሕፍቲ ምእዛዝ 3,00 €

ሓደ ነገር እንተጠፊኡኩም ወይ ተባላሽዩኩም ዋጋ መዕደጊኡ ወይ መስሪሒኡ ክትከፍሉ ኣለኩም።.

ኩሎም ጠቐምቲ ነዚ ቤተመጻሕፍቲ ከተማ ዝምልከቱ ሓብሬታታት ኣብ www.stadtbibliothek-duisburg.de. ትረኽቡ ኢኹም። ኣብዚ ዝተጠቐሰ ኣድራሻ እትጥቀሙሉ ኣድራሻን ዘለዉና ዝርዝር ምድያታትን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።.

**ሕቶታት እንድሕር ኣልዉኹም ኮይኖም ናብ መሳርሕትና ዝኾኑ ሰባት ክተቕርቡዎም ደስ ከምዝብለና ብትሕትና ንገልጸልኩም።**